# ክንፈ ኣብራሃም ሳህለ-ካብ ምሻጥ እንቋቕሖ ክሳብ ማዕርግ ፕሮፌሰር

=============//////////===============////////////===========

ክቡራትን ክቡራንን፣ብዛዕባ ፕሮፌሰር ክንፈ ኣብራሃም ኣድሂበ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ቕድሚ ገለ ኣዋርሕ ሓጺር ጽሑፍ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪበ ምንባረይ ዝዝከር ኢዩ።እንሆ ብመሰረት ገለ ርእይቶ ወሃብቲ ዝሃብክሙኒ ሓበሬታ መሰረት፣ናብ ሰፊሕ ኣንባቢ ዝርከበሉ ማዕከን ሓበሬታ ዝኾና መፍተላት ሓበሬታ ክልጥፎ ተቐሲበ ኣሎኹ።

ፕሮፌሰር ክንፈ ኣብራሃም፡ኣብ ታሪኻዊት ከተማ ዓድዋ ኢዮም ተወሊዶም።እዋኑ ወርሒ ጥቕምቲ 1943 ዓ/ም ናብ`ዛ ትርጉም ምህላውን ምንባርን መጺኦም፡ኣብ ዓመተ ክልተ ሽሕ ወርሒ ሕዳር ካብ`ዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለዩ ታሪኽ ሕይወቶም ዝምስክር`ዩ።

////////////////////////////////

ፕሮፌሰር  ክንፈ ኣብራሃም ልዕሊ 18 መጽሓፍቲ ዝጸሓፉ፡ተመራማርን መምህርን ዝነበሩ ወከፍ ኢዮም።እዘን ዝስዕባ ድማ ካብ'ተን ብቋንቋ ኢንግሊሽ ዝጸሓፍወን መጽሓፍቲ ገሊኤን እየን።(ኣብ ታሕቲ ብኢንግሊሽ ተጻሒፈን ዘለዋ ገለ ካብ መጽሓፍቶም እየን።)



ምስ ፕሮፌሰር ክንፈ ቕድሚ ሓየሎ ዓመታት ኣቢሉ፡ ሓደ ክልተ ጊዜ ተራኺብና ነይርና-ብዙሕ ዝሓቶም ሕቶታት ኣብ ዘዳለክሉ ህሞት ድማ ብሞት ርግምቲ፣ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈለዩ።

ብድሕሪ ዕለተ ሞቶም ብዛዕብኦም ዘድልየኒ ሓበሬታ ብምንባሩ ክምእርር ሰሃሮ ገይረ ብምንባረይ-ብዓቕመይ ዝኣከብክዎ ሓበሬታ ኣሎኒ ኢዩ።ምስ ክልተ ፕሮፌሰራትን ገለ ጸሓፍትን ኣብ ጉዳይ ፕሮፌሰር ክንፈ ኣድሂብና፣ኣብ ዝገበናዮ መድረኻት ኢሂን ምሂን ኣነ ከጻርዮ ዝግበኣኒ ነጥብታት ቦኽሪ እዝነይ ሰማዕኩ ነዚ ንምጽራይ ድማ ዋላ እኳ ኣዚዩ ኣድካሚ ተነበረ ንገሊኡ ጽቡቕ ሳጉመሉ ኣሎኹ እብል።

ገሊ`ኡ ድማ መሰረት ዘይብሉ ሓውሲ ቕንኢ ዘንቕሎ ጠቕነ ምኳኑ ከረጋግጽ ክኢለ ኣሎኹ።ግን ኣብ መጻኢ ብዝርዝር ከቕርቦ ክፍትን እየ።

ኣቦ ፕሮፌሰር ክንፈ፡ኣቶ ኣብራሃም ሳህለ እምነት ፕሮተስታንት- ኣብ ኤርትራን ትግራይን ድሕሪ መሶሎኒ ናብ ኮረሻ ስልጣን ምምጻእ ዘጓንፎም ዝነበረ ሓያል ብድሆታትን ምስዳድን ሓይ`ሉ ምንባሩ ኣደዳ ክንደይ ግፍዕታት ክኸኑ ተቐሲቦም ምንባሮም ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ።



ኣብ'ቲ ቕድሚ 100 ኣቢሉ ዝነበረ ወፍሪ "ጸረ-ማርያም" ዝብል ጎስጓስ፡ኣቶ ኣብራሃም ሳህለ ከም ሓደ ጸረ እቲ እምነት ከም ዚነበሩ ዝውጋዕ ወግዒ ጭራሽ መሰረት ዘይብሉ፤ብኣንጻሩ ካብ ዝነበሮም መሬት ብናጻ ንጎረባብቶም ዝህቡን ነቶም ኣብ እምነት ፕሮቴስታን ዝነበሩ ብመቕሕ ሠንሰለት ተኣሲሮም፥ ኣብ ዚነበርሉ መግቢ ሓቢኦም ብምእታውን-ናብ ኣስመራ ደብዳቤ 'ተኣሲሮም እንሄዉ ብጸሎትን ልማኖን ዘክርዎም ኢኹም።' -ዝብል ልእኩቶ ክለኣክን ናይ መጓዓዝያ ገንዘብ-ነቶም መልእክተኛታት ካብ ዝሃቡን ሓደ ንሶም እዮም።

እዚ ምስክራት ዓይንን ብገለ ምዕራባውያን ጸሓፍቲ ዝተመስከረ ነጥቢ ክነሱ፡እቲ "ሓንካስ ዘውረዮሲ ፈረሰኛ ነይመልሶ" ዝብል ኣበሃህላ ግዲ ርዑም ኮይኑ ብወረያ ወረ ዝውረይ ኣንጻሩ ኮይኑ እንሆ ሓደ ዘመን ኣቑጺሩ ኣሎ።

ካልእ ፕሮፌሰ ክንፈ ኣብራሃም፡ነቲ መጽሓፍቶም "ባዕሎም ከም ዘይጽሕፍዎን ካብ'ትን ካብ'ትን ኢዮም ኣምጺኦም ዝሕትምዎ"-ዝብል ጸለመን ክስን ድማ ብመርትዖን ብመረዳእታን ዝዛረብ ኰነ ዝወቕስ ወይ ዝከስስ ከቶ ኣይተረክበን ኣሎ፤እንተኰነ ኣብ መጋርያ ዕላል ባዕሎም ከም ዘይጽሕፍዎ ዝውረይ-ሓያል ተጻይ ዝኰነ ኲናት ኣባዮም እናሻዕ ይስማዕ እዩ።

ንሎሚ እዚ ካብ በልኩ-ፕሮፌሰር ክንፈ ኣብራሃም ንፈለማ ዝተላለኩላ ዕለት ብምኳናን ካልእ ፍሉይ ዝክሪ ብምህላወይን ዘንቐሎ ገለ ክብል ኣሎኒ ካብ ዝብል ክሓናጥጥ ክቕሰብ ምክኣለይ ብምሕባር`ዩ።




¬

Somalia Calling, NINA Press, Uppsala, 2002. ISBN 9789163119835
¬ Ethiopia: From Empire to Federation, NINA Press, Uppsala, 2001. ISBN 9789163119828
¬ Ethiopia: The Dynamics of Economic Reforms, Nina Press, Uppsala, 2001. ISBN 9789163119811
¬ Peace Under Assault, EIIPD Press, Addis Ababa, 1999.
¬ The Battle of Histories: The Conflict Between the Unitary and Pluralist States, Magnussa Press, AWP New Jersey, US, 1997.
¬ The Apartheid Axis: A Cultural and Political History of the Black People, 1997.
¬ The Missing Millions: Why and How Africa is Underdeveloped, Africa World Press, New Jersey, US, 1995. ISBN 9780865433533
¬ Ethiopia: From Bullets to the Ballot Box, Red Sea Press, AWP New Jersey, US, 1994. ISBN 0932415792.
¬ Statistical Briefings of the Education Sector Support, Stockholm, SIDA 1993/94.

¬ Ethiopia: The Challenge of the 20th Century Education, SIDA, 1993.
¬ Black People, White People: A cultural History of Race Relations, AWP, US - Forthcoming, 1993.
¬ Swedish Education Assistance, SIDA, 1992.
¬ Politics of Black Nationalism from Harlem to Sweto, Africa World Press US, 1991.
¬ Statistical Digest, Stockholm, SIDA 1991/92.
¬ Statistical Digest, Stockholm, SIDA 1989/90.
¬ Professional Training for Service in the Third World, Mag. Press, 1984.
¬ From Race to Class, Grass Roots Publishers, 1983.
¬ Handbook of Professional Terminology, Cosmic Press, 1983.

**ኣብራሃም ብርሃነ**